


# ነቲ ብወያናይ ኣይተ ኣባዲ ኣባይ ዝተጻሕፈ

ክንድሽሕ ካብ ሰሜን ኣመሪካ

ሓደ ሺሕ ዓመታት ንድሕሪት ሕልሚ ወያነ መሰንበብኩ ንመጀመርያ ግዜብርዐይ ከልዕልን ናብ ድሕረገጽ መስከረም ክልእክን ዝፍትን ዘለኩ.። ክቡር ኣቦ ኣቶ ቀለታ ኪዳነ ዝሃብዎ ውሕሉልንውርዙይን መግለጺ እናመስገንኩ እቲ ዝሃብዎ ጎድሎ ዘይብሉ ብምኻኑ ዝምልኣሉ ብዙሕ እካ እንተዘይብለይ፡ ከየባላሸዎኣናፈራሕኩ ገለ ክብል ምደለኩ። ንእግሪ መንገደይ ግን ስቓታ ለባማት ፖለቲከኛታት ኤርትራውን ዝበዝሔ ይመስለኒእብል። እዚ ኩሉ ሃለውሎውን ታሪኽ ከምድላይካ ምድምሳስን ምጽሕፍን ክርኤ ኮሎ ነቶም ገርሄኛታት ከየደናግርሲ ከምቲናይ ኣቦና ኣቶ ቀለታ መልስን መግለጽን ብኣ‌ጋ ምሃብ ግቡእ ይመስለኒ፡ ምክንያቱ ሓሶት እንተተደጋገመ ሓቂ ስለዝመስልን።ከም መእተዊ ክኾነኒ ኣነ ኣብ ዝኾነ ውድብ ኤርትራ ኣባል ኣይኮንኩን፡ ብኤርትራውነተይ ከምኩሉ ኤርትራዊ ሕቡንንንደቐቕ’ውን ትኩን ኣይኮነን ሕጂ ቀደም’ውን ተጠራጢረ ኣይፈልጥን፡፡ ትማል፡ ሕጂ፡ ጽባሕ ኤርትራዊ’የ፡፡ ኤርትራውያንዋጋ ኤርትራን ታሪኻን ኣዳዕዲዔና ስለንፈልጥ ኣይኮነን ብወያነ ማንም ሰብ ይኩን ውድብ መንነትና ክነግረና መሰል የብሉን።

ከምቲ ፕረሲደንት ኤርትራ ዝበሎ “ናጽነትና ኣብ ወርቃዊ ቢያቲ ጌሩ ዝሃበና ማንም የለን”፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1991 ብሓይሊ ኣብ 1993 ብሕጊ ብተሪር ኣደጎ ገሩ ዛዚምዎ’ዩ።

ኣብ መበገሲ ጽሑፈይ ክምለስ ከለኹ ንእግሪ መንገደይ ንወያናይ ኣቶ ኣባዲ ኣብ መእተዊ ጽሕፎም ዝበልዎ መኤረምታ ክኾኖም “ሓደስቲ ተርእዮታ” ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘይኮነስ ኣብ ኢትዮጵያ ምኻኑ ከዘኻክክሮም እደሊ፡፡ ጽሑፍ ኣይተ ኣባዲ በየን ጀሚርካ በየን ከምትውድ፡ ነየን ሒዝካ ነየን ከምትገድፍ ዘሸግር ዝተበታተነ ትሕዝቶ ሰለዘልዎ ከምቲ ኣመጻጽእኡ ብዓቕመይ ከተናኽፎ ክፍትን እየ፡፡ ኣቐዲመ ግን ነቶም ብወፍሪ ወያነ ኣንጻር ኤርትራ ዝተሰለፉን ዝተደናገሩ ኤርትራውያን “ገ” እናበሉካዶ ትጋገ እናበልኩ ሃገር ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ምኻና ምዝኽኻር ዘድልዮም ኣይመስለንን እብል፡፡ ወያናይ ኣይተ ኣባዲ በቲ ዝተበጣጠሰ ወጮ - ሜላታት ሓድነት ገዛእቲ ሓይልታ ገይሮም ከደፍኑና ምፍታኖም ንንቕሓትን ክብርታትን ኤርትራውያን ዝሓለፎ መስገደልን ምዝንጋዕ’ዩ ፡፡ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ (ትግራይ ትግርኚ) ግን ሕጂ ዝኾነ ሰብ ይኩን ውድብ ክንዲ ዝደለዮ ይጽሓፈሉን ይመድረሉን ቀደም ማነፈስቶ ዓብይ ትግራይ ምስ ወጸ ዝተመለሰሉ ስለዝኾነ ብዙሕ ሽንኮለል ምባል ዘድሊ ኣይመስለንን፡፡ እቲ መስደመም ናይ እይተ እባይ ግን እቲ ብሓይሊ ንኤርትራ ንሙግባጥ ዝተእወጀ ወራር ወያነ ዘይሰለጠስ ሕጂ ያኢ በቲ ናይ እንግሊዝ፡ ሃይለስላሴን ደርግን ፍሹላት ሜላታት ከታልሉና ምፍታኖም’ዩ፡፡ እቲ ምክንያት መንግስቲ ኤርትራ ክወድቅ እዩ’ሞ ኤርትራ ከይትጠፍ ዝብል ባዶሽ ምስምስ፡፡

ወዳጇ ፍልስፍና! ኣይኮነንዶ ሎሚ ሃገረ ኤርትራ ረዚን ዋጋ ከፊላ ባንደራኣ ሰቒላስ ይትረፍሲ እቲ ቀደም’ውን ነዚ ሸርሕታት ፈንጢሳ ሃገር ዝኾነት፡፡ ሎሚ መንዩ ኣብ ገምገም ጸድፊ ዘሎ ኸኣ ዓለም ብዓለሙ ስለዝፈልጦስ፡ ናይ ኣይቶ ኣባዲ ዘርባዕባዕ እንተ እተን ኣሓስ ከይደንየን ጸርፊ ግን ዝገደፍና የብላን ዝዓይነቱ ኣውያት’ዩ ነገሩ። በቲ ክቱር ትምክሕቶም ኸኣ መቦቆል ወዲሰብ ኣብ ትግራይ ምኻኑ ኣስተምህሮ ክህቡና ምጅማሮም እቲ ካልእ መስደመ’ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ወይ ኤርትራ ዘኮነስ ኣብ ዓባይ ትግራይ፡ በዚ ከይእክል ነቲ ሓንጊሩ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣራት ኪሎ ዘብጽሖም ሰውራ ኤርትራ ዕጥቃዊ ቃልሲ ሓማሴን ምጥማቆም ክሳብ ክንደይ ኣብ ባይታ ከምዝወደቁ ይብረሃልካ።

ኣይተ ኣባዲ ብዛዕባ ብሄራዊ መንነት ከስተምህሩና ሕርጊድ ኢሎም። ኣይተ ኣባዲ ብኣበሃህልኦም ኣሜርካን ካናዳን ሓደ ዓይነት ሃምበርገር ስለዝበልዑን፡ ተመሳሰልቲ ዓይነት ሃይማኖታት ስለዝከተሉ፡ ሓደ ዓይነት ቛንቛ ስለዝዛረቡን፡ ኣብ ሓደ ጆግራፊካዊ ኩርናዕ ዓለም ስለዝነብሩስ ክተሓዋወሱ ኣሎዎም ማለት እዩ። ኣይፋሉን ኣይተ ኣባዲ! ኣመሪካን ካናዳን ኣሕዋትዮም፡ ኩሉ ነገራቶም ሓደ’ዩ። ኮይኑ ግን ተከባቢሮምን ተሳንዮም ዓዓዶም ሒዞም ብሰላም ይነብሩ ኣለው። ከምዚ’ዩ እቲ ብሉጽን ጥዑምን ጉርብትናሞ ዝኾነ ደላይ ሰላም ካብዚ ክምሃር ይግብኦ እብል። እንተ እቲ ብሄረ ተጋሩ ዝተባህለ ግን ኣናፋፍራ ቐቓሕ ዘይፈልጥሲ ኣይሃዳናይን ከምዝበሃል ንምንታይ ዕላማ ሙካኑ ኣጸቢቕና ስለፈልጥሲ መምህር ብሄር ኣየድልየናን፡ የቐንየልና። ካብ ተላዕለ ከይተርፍ ግን ኣብዝኾነ ኩርናዕ ዓለም፡ ኣብ መዓስከር ሰደተኛታት ትግራይ ከይተረፈ

ንሓደ ኤርትራዊ ካበይ ኢካ ዝብል ሕቶ ምስ ዝቀርበሉ ኩሉ እንኮ መልሱ “ኤሪትራዊ” ስለዝኾነት ካብቲ ዘሔብነናን ዘኽርዓናን ምኻኑ ከይጠቐስኩዎ ክሓልፍ ኣይደልን። ገለ ካብ ዘጋጠመኒ ኣብነታት ትሕቲ ዕድመ ቖልዑ ኣብዚ ኣብ ኣሜሪካ ባንደራ ሃገሮም ኤርትራ ኣብ ተትምህርቶም ከምትስቐል ክማጎቱን ክገብሩ ምርኣየይ’ዩ። ኤርትራዊ ሃገራውነት ምስኦም ስለዝውለድ። ልዑል ምስጋና ነቶም ነዚ ሃገራውነት ኣብ ነቒ ዘይብል መሰረት ብደሞምን ብዓጽምቶምን ዝሃደሙ ጀጋኑ ስውኣትና። ኣይኮነንዶ ሎሚ ኣብ ነጻ ኤርትራ ኣብ ቲሕቲ መግዛእቲ ከይተረፈ ኤርትራዊ ኤርትራዊነቱ’ዩ ዘቐድም።

ሃገራውነት እምበር ብብሄርተርንነት ኮነ ኣውራጃውነት ኣየምበርከኾን። ኩሎም ገዝእትን ጸላእትን ዓንገረር እንተበሉ ኣብ ጉንዲ እዝኑ ከምዘይስቐሮ ነዘኻክሮም። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ደርግ ተማሂረን ኣብ ስራሕ ዓለም ዝተዋፈርኩን ስለዝኮንኩ ብዙሓት ኢትዮጵያን መታዓብይቲ፡ ኣዕሩክ፡ መማህርቲን መሳርሕትን ፈተውቲ ከጥሪ ኪኢለ’የ። ኩሎም ኢትዮጵያዊ እምበር ወዲ እከለ ብሄር’የ ዝብል ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን፡ እኳ‌ድኣ እቶም ካብ ትግራይን ሸዋን ዝመጹ ትግራዎት ካድረታትን ሰራሕተኛታትን ብኣምሓርኛ ተዘይኮይኑ ብትግርኛ ምዝራብ የሕፍሮም ምንባሩ ናይ ትማሊ ተዘክሮታት እዩ።
ወያናይ ኣይተ ኣባዲ ነቲ ሕብሪ ዓይንኻ ደስ ኣይበለናን ተባሂሉ ዝተሰገ ኤርትራውስ ሕንኽ ከይበሉ ሓደ ኢና ክንሓብር ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ትሕተና ክትኮኑ ምባሎም “ጠፋእና ሕዝቢ ኢትዮጵያ ተላዒሉና ኣድሕኑና” ማለት ካብ ምኻን ሓሊፉ ንዓይ ካልእ ትርጉም ዘለዎ ኣይመስለንን። ኢድ ሸናሒት ጸናሒት ዝብሉኩም ከምዚ’ዩ። ካብዚ ብዝተረፈ ኤርትራ “ሃገረ ኤርትራ”፡ ህዝቢ ትግራይ ጎረበትናን መዳብውትናን ኢትዮጵያዊ’ዩ። ኣርባዕተ ነጥቢ።

ኣይተ ኣባዲ ብዝዕባ ወደብን ሃብትን ብምውድዳር ከዳናግሩ ፈቲኖም። ጣፍን ቡንን ዓባይ ትግራይ! ምስ ወደባት ኤርትራ። ወዳጇ ዘረባ! ኣብዚ ሓንሳብ ኣይተ ኣባዲ … ወይ ዓባይ ትግራይ ወይ ኢትዮጵያ ኩኑ ምባል እኩል ይመስለኒ፡ ኣብ ትግራይ ዝበቁል ጣፍን ቡንን እንተሃልዩ ንህዝቢ ትግራይ መጀመርያ ቀልብሉሞ ድሕሪኡ ቖፈኩም ሃሰስ በሉ። ባሕሪ ኤርትራ ግን ኣንተ ከምቲ ወያነ ዝበሉዎ ኣግማል ከነስትየሉ፡ ኣንተስ ንፈተውቲ ከንካርዮ፡ ኣንተስ መሔንበሲ ክንገብሮ ንህዝብን መንግስትን ሃገረ ኤርትራ ጥራይ’ዩ ዝምልከት። ካልእ ኣይተ ኣባዲ ብዛዕባ ተፈጥራዊ ሃብቲ ነዳዲ ምህላውን ዘይምህላዉን ዘተይፈልጥ፡ እንተሃለወ’ውን ዓቀኑ ዘይፍለጥ ኢልካ ምስትንዓቅ ግን እንታይነትካ መምዘኒ ካብ ምኻን ዝሓልፍ መልእኽቲ ዘሎዎ ኣይመስለንን። ሓደ ዓቢ ኣቦ ኣብ ጽባሕ ናጽነት ኤርትራ ዝበሉዎ ግን ኣዘኪሩኒ፡

ኣብ መጀመርያ ወርሒ ሰነ 1991 እዩ። ህዝባዊ ግንባር ኣስመራ ዝኣተወሉ ሰሙናት ምስ ህዝቢ ኣስመራ ናይ እንቛዕ ደሓን መጽእኩምን እንቛዕ ደሓን ጸናሕኩምን ኣብ ሲነማ ካፒቶል ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባርን ዓበይቲ ዓድን ኣኼባ ኣብ ዝተገብረሉ። ኣብ ናይ ሕቶን ርኢቶን ግዜ ኣብ ዕድመ 70ታት ዝርከቡ ኣቦ እዞም ደቐይ ህዝባዊ ግንባር ኩሉ ጽቡቕ ገርኩም፡ ጸላኢ ጸራሪግኩም ናጽነት ኣምጺኣኩም፡ ብርሃን ወሊዕኩም ግን ኣብ ጅባኹም ተመን ሒዝኩም መጺእኩም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ቤቱን ስርሑን ዘፈናቀሉ፡ ዓፋኝ ብስልኪ መንእሰያት ኣስመራ ክሐንቁ ዝመርሑን ኣሕሊፎ ዝሃቡን፡ ነጭ ለባስ ኮይኖም ኣብ ኣስመራ ምሸት ምሸት ሰብ ዝከትሩን ዝቀተሉን፡ ጦር ሰራዊት ዓድታት ከንዱዱ ዝመርሑን ኢኹም ተሰኪሞኩም መጺእኩም ብማለት ብዛዕባ ከዳዓት ተጋሩ ኣብ ልቢ ኩሉ ወዲ ኣስመራ ዝነበረ ሕማም ዳሕድሕዎ። ሓደ ካብቶም ነቲ እኼብ ዝመርሑ ካብ ዝነበሩ ላዕለዎት ሃለፍቲ ግን ንሕና ብደምን መስዋእትን ተሓዋዊስና ዝመጻና ውድባት ኢና፡ ክንዱ እዚ ብምምዕዳው ኸኣ ንጥቡቕ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ኢና ንሰርሕ ብማለት ነቲ ኣብቲ ርሱን እዋን ዝተዋእበ ርኢቶ ለባም መልሲ ምሃቡ እዝከረኒ። እንተኮነ ወዮ ተመን ካብ ጁባ ወጺኡ ገቢለየ ኢሉ ኣብ 1998 ንህዝቢ ኤርትራ ክጎብጥ ኹናት ዝኣወጀ። እቶም ኣቦ ኣብ 1998 ብሂወት እንተነሮምሲ እንታይ ኢሎም ኮን ይኾኑ? ህዝባዊ ግንባር ነቲ ምኽሮም ሰሚዕም እንተዝኾኑስ? ዝብል ሕቶታት ኩሉ ግዜ ይመላለሰኒ።

ኣብ ግዕዞ ቃልሲ ዝነበረ ምትሕግጋዝ ዝምልከት ግምጥልሽ መግለጺ ኣይተ ኣባዲ ወያነ ሓጋዝን ህዝባዊ ግንባር ኸኣ ተመጽዋትን ምባሎም እቲ ልሙድ ጥልመት የዘኻኽረካ። መንዩ ተተይ እናበለ እግሪ ዘትከለን ሓንጊሩ ኣዲስ ኣበባ ዘብጽሔን ስኑድ ስለዝኾነ ብናይ ኣይተ ኣባዲ ሃለውመለው ዝድምሰስ ኣይኮነን። ኣብዚ ቀረባ እዋን ሓደ ፖለቲከኛ ብዛዕባ ታሪኽ ዝምድና መራሕቲ ትግራይ ምስ ኤርትራ ክገልጽ ከሎ ታሪኽ ጥልመት ክብል ይገልጾ። ንሱ ኣብዚ ዝሓለፈ ቐረባ ዘበናት እንተረኣና ይብል፡ ኣብ ዘበነ ራእሲ ወልደሚካኤል ዝተገብረ ጥልመት፡ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ብስም ኣንድነት ዝተገብረ ጥልመት፡ ኣብ ግዜ ደርጊ ብካድረታትን ነጭለባስን ዝተገብረ ጥልመት፡ ድሕሪ ነጻነት ቁስልና ኣይንሕከኽ እናተባህለ ዝተኣዋጅ ኩናት ጥልመትን፡ ስምምዕ ኣልጀርስ ኣብ ቅድሚ ዓለም ሚሒልካን ጥሒልካ እይቅበሎን ኢልካ ምጥላምን : ዝኣመሰሉ ብጭብጥታት ኣብ ፈነወ ሬድዩ ክገልጽ ምስምዓይ እዝከረኒ.። ነዞም ጭብጥታት መራጉዲ ክኸውን ትማል ኣብ 1993 ኣብ ቅድሚ ዓለምን ህዝቢን “ኤርትራ” ነጻ ሃገርያ ኢሎም ከምዘይመሓሉ፡ ኤርትራ ሃገር ኣይኮነትን ኣካል ትግራይ እያ ኢሎም ክጠልሙ ንርኢን ንሰምዕን ኣሎና። ብልክዕ ታሪኽ ጥልመት!! ጥልመቶም መወዳእታ የብሉን ኢሎም ዝኣመኑ ሓደ ሓደ ኤርትራውያን ነዊሕን ገዚፍን ሓጹር መንደቕ ኣብ ዶብ ክንነድቕ ኣሎና ዝብሉ ኣይተሳእኑን።

ይኩን እምበር መብዛሕቱኤርትራዊ ሕጂ'ውን ኪኖ ጥልመት ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ንኹሉ ኢትዮጵያዊ ዘሳተፈ መንግስቲ ተተኪሉ ብሰናይ ጉርብትናከነብርዩ ድልየቱ። እንተ ትግራዎት ካብ ብብሄር ምክፍፋል ወጺእኩም ብኢትዮጵያነትኩም ኣሚንኩም ከኣ ምስኣሕዋትኩም ኢትዮጵያውያን ተሰማሚዑን ሕበሩን እምበር ደግሲ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ከምዘይጥቅመኩም ምክርና ደጊምናንልግሰልኩም። ሓድነት ኢትዮጵያ ብብሄር ሃደሸደሽ እናበልካ ብዛዕባ ሓድነት ጀርመንዶ ህብረት ኤውሮጳ ምምጽዳቕ ግንምስልነት ጥራይ'ዩ።

ኣብ ታሪኽ ኤርትራ በብእዋኑ ውሱባትን ከሓድትን ደቂ ሃገር እንተ ብገንዘብ እንተ ብህርፋን ስልጣን ክቕልቀሉ ምርኣይ ሓዲሽ ነገር ኣይኮነን። ብጽንዓትን ቃልስን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እእዋኑ ከም ዝፈሸሉ ናጽነት ኤርትራ ህያው ምስክር'ዩ። እገለ ከምዚ በለ ኩስቶ ከምዚ ደገመ ምባል ነብስኩም ምትዕሽሻው ስለዝኾነ ንሓማሴን ብማሕላ ንደርሆ ብማሽላ ሜላ ሞገበጢ ተጋሩ ንዓና ንኤርትራውያን እሞ ከኣ ኣብ 21 ክፍል ዘበን ኣይሰርሕን'ዩ። ብዙሕ ስለዝረኣናን ዝተሞከርናን። ኣይተ ኣባዲ ብላዕ ከይበሉዎስ ጽብሑለይ በለ ከምዝበሃል ኤርትራ ኣብ መቀለ ብቐትሪ ዝተሓልመት ናብ ትግራይ ትበሃል ዓዲ ክትምለስ ኣለዋ ክብሉ ናይ ንዕቀት ዓይነት ምጽሓኣፎም ዘስሕቅ እዩ፡ ዘበንያ ግርምቢትስ ማይ ንዓቀብ ድዩ ዝተባሕለ! ትደልዮኦ'ሞ ይዝንግዓክን!

ሕማቕ ጎረቤት ውድቀትን ከፉእን ናይ ጎረቤቱን ፈተዉቱን እዩ ዝምነ። ኣይተ ኣባዲ ኩሉ ሕማቕ ንኤርትራ ተመንዮምላ፡ ካብ ዕላማታት ወራር ወያነ ሓደ ንኤርትራ ካብቲ ዝርኤ ዝነበረ ምዕባሌ ንሙኽላፍን ምብርካኽን ምንባሩ ዝሰሓቶ ኤርትራዊ ኣይነበረን። ግዚያዊ ጸገማት ንኤርትራውያን ከምዘየበርክኾም ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ መምህር እዩሞ ብከምዚ ስረና ፈታሕና ማለት ዘበትዩ።

ኣብ መደምታ ብዛዕባ ውሽጣዊ ጉዳይና ንዓና ስለዝምልከት ጸልእትና ኣባሪርናን ሲዒርናን ሃገርና ምስ ኣውሓስናን ገዛና ከነጽርን ከነመዓራርን ኣይክጽግመናን'ዩሞ ብዛዕባና ክትሕስቡ ከይደቀስኩም ኣይትሕደሩ እብሎም። ኣስተምህሮ ፍትሕን ዲሞክራስን ካብ ፕሮፈሰራት ኮነ ኣግኣዝይን ዘየድዮ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዳዕሮ ኮይኑ ከይተማህረ ዘነባብርን ዝዳንን ኤርትራዊ ኣትሒትኩም ምርኣይኩም ግን ሕሱር የሕስረካ ማዕረ ነብሱ ኢልካ ሙግሳዩ ኣካሊ ይመስለኒ። ዝከሰረ ነጋዳይሲ መቃብር ኣብኡ ከምዝፍሕር ኣቐዲሙ ዘስተብሃለ ኤርትራዊ ነቲ ሕማምኩምን ሕማም ቕድመ'ኹም ዝነበሩ ገዛእቲ ኣእዕሚቑን ከምዘይፋሓር ሃዲሙን ኣብ ሊዕሊኡ ሰፍ ዘይብል ረዚን ኤርትራዊ ሃገራውነት ሓወልቲ ከምዝተከልሉ ክትጎስምዎ ጥራይ'ዩ ዘለኩም እናበልኩ ንሎሚ ዚ'ወድሓንኩም። ሰላም ወሰናይ ነቲ ሓላል ህዝቢ ኤርትራ። ፍትሒ ነቲ ኣብ ጎደናታት ዝርሽን ዘሎ ህዝቢ ኢትዮጵያ።

ዘለኣለማዊ ዝክሪ ነቶም በጃ ሃገር ዝሓለፉ ሰማእታት1
ክንድሸሕ እየ ካብ ሰሜን ኣመሪካ